**ካብ ንእሽቶኣ ኮስኪስካ ዘዕበኻያ ተኽሊ ፍረኣ የጽግበካ።**

መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ሓቀኛ ኣበሃህላ ምርኩስ ብምግባር፡ ነቶም ትማሊ ይኹን ሎሚ ዝኾስኮሶምን ዝኹስኩሶም ዘሎ መንእሰያት፡ ታሪኽ ሃገርን ህዝብን ኣብ ምዕቃብ፡ ልእላውነት ሃገር ኣብ ምውሓስ ብቁዓት ንክኾኑ፡ ብዘመናዊ ኣካዳሚያውን ወተሃደራውን ስነ ፍልጠት ሰኒቑም ንነብሶምን ስድራቤቶምን ልዕሊ ኩሉ ንህዝቦምን ሃገሮም ክኾኑ ዝገብሮ ዘሎ ወፍሪ ትምህርቲ ነታ ክትኮነልና እንደልያ ብልጽግቲ ኤርትራ ክዉን ንምግባር እዩ። መንእሰያት ኤርትራ ጾር ወሎዶም ተረኪቦም ካብ ኩሉ ድሑር ዝንባሌታት ነጻ ኮይኖም ሃገር ንክመርሑ ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት ብሓቂ ኣድማዕነቱ ጎሊሁ ዝርኤ ዘሎ እዩ።

እቲ ኩሉ ግዜ ካብ ኣእሙሮና ክንርስዖ ዘይግባእ ግደ መንእሰያት ሳዋ ኣብ ግዜ ወራር ወያኔ ነዚ ዝብሎ ዘሎኹ ህዝያው ምስክር ኣብ ታሪኽ ሃገርና ተሰኒዱ ዘሎ ሓቂ እዩ ዝገልጽ። መንእሰይ ሳዋ ምስ ኣያታቶምን ኣቦታቶምን ኣደታቶምን ኣሓቶምን ኮይኖም ዘርኣይዎ ቅያ መሰረቱ ካብቲ መንግስቲ ኤርትራ ዝገበረሎም ምኹስኳስ ዝተፈጥረ ጅግንነት እዩ። መንግስቲ ኮስኲሱ፡ ፍርኡ ንወራር ወያነ ደምሲሱ።

ኤርትራ ዕድለኛ እያ፡ ብሓደ ወገን ብነጻ ንደቃ ክመሃሩ ዝገብር መንግስቲ ምህላዋ፡ በቲ ካልእ ድማ ሓላፍነት ተሰሚዑዎም ተማሂሮም ሃገሮም ዘገልግሉ መንእሰያት ምፍራይያ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብመንእሰያት ዝሰላሰል ዘሎ ስራሓት ቅሳነት ዝህብ፡ ርኡይ ለውጢ እዩ። ኩሉ ግዜ ንስርሖም ክነመስግን፡ ኣብ ጎንኦም ክምዘሎና ክነመስክር፡ ኣዎንታዊ ተሞኩሮታትና ክነካፍል በዚ ኣጋጣሚ ክላቦ ይፈቱ።

ሰማእታትና ንዘልኣለም ይዘከሩ
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር
ጥሪ 23, 2021